STIICHTING EXPERTISE
CENTRUM VOOR ERITREA
ኤርትራዊ ማእከል
ምርምርን ስነዳን
ኣምስተርዳም ነዘርላንድ
Eritrean Research &
Documentation Center

ኣምስተርዳም 05 መጋቢት 2011
ቁ፡መዝ፡- 260/ሓተ/61/ጸ/11

## ጋዜጣዊ መግለጺ
## ዓለም፡ ንኹሉ ዘድልየኩም ከተማላኣልኩም ትኽእል ትኸውን፡ ንስሰዐኹም ዝኸውን ቦታ ግን፡ የብላን!!!

ኣብ ጉዳይ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላት ዝነጥፍ፡ ነዘርላንድ ዝመደበሩ ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን፡ ነቲ ብመርበብ ሓበሬታ ቶጎሮባን፡ ራድዮ ወጋሕታን፡ ደምበ ዕጡቕ መንእሰይን ከም ዕላማ ሒዞሞ ዘለው፡ ድሕሪ ሞት ዘሎ ሲኦል! ብቐንዱ ታሪኽ ስለ ዝኾነ፡ ታሪኽ ማለት ከኣ ትርጉሙ፡ መኸተ ማለት ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ዘይተጨበጠ ፍጻሜታትን፡ ኣብ ውሽጠም ዘምቧህቖዎ ክውንነትን ተሞርኪሶም፡ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራን፡ ኣባላት ሓፋሽ ውድባቱን፡ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝቐንዐ ናይ ጸለመን ጠቐነን ወፍሪ ብትሪ ይኹንን።

እቲ ብሕጊ ስነ-ምግባር ንኽነብር ዘጸግሞ ሰብ ግን፡ ምሉእ ክኸውን ንስለ ዘይኽእል፡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ እዚ ብመርበባት ሓበሬታ ቶጎርባን፡ ራድዮ ወጋሕታን፡ ደምበ ዕጡቕ መንእሰይን፡ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ሓፋሽ ውድባቱን፡ ሃገራዊ ኣገግሎትን ንዝነበሩ ጥራይ ኣመልኪቱ፡ ዝካየድ ዘሎ ውፍሪ ጸለመን ጠቐነን፡ ነቲ ብናይ ኢትዮጵያ ትምክሕተኛታት፡ ንሞራልን ንያትን ህዝቢ ኤርትራ ንምቕታል፡ ብቐዳምነት፡ ነቶም ብገዛእ ኣብ ሃገሮም ዘሎ ስርዓት፡ ንምብርካኾምን፡ ንምድኻሞምን ዝህደኑ ዘለው ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ በዚ ብግዳም ኮይንካ ‘ውን፡ ከም ዘይሰሩን፡ ቀሲኖም ናብረኦም ይኹን፡ ናይ ቃልሲ ሸውሃቶም ከም ዘየካይዱን፡ በገዛእ ህዝቦምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፡ ከም ዝንጸሉን ከም ዝኹርኑዑን ንምግባር፡ ነታ ብለኣኹቲ መርበብ ሓበሬታ ቶጎርባን፡ ራድዮ ወጋሕታን፡ ደምበ ዕጡቕ መንእሰይን ክትህነጽ እትሕሰብ ዘላ ኤርትራ፡ ተጋዳላይ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ኣባላት ሓፋሽ ውዱባቱን፡ ሓርበኛታት ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዘይተሳትፍ፡ ብጎረባብቲ ሃገራት ዝተላሕቐት፡ ምእዝዝትን፡ ድንግርትን ኤርትራ ንምስራሕ ዝዓለመ ምኳኑ፡ ጌና ኣብ ድቂ ከይበጽሐ እንከሎ፡ ዝተሓርሰ ሓቂ ምኳኑ ንምፍላጡን፡ ንምርግጋጹን ከም ዘይተጸገመ ብምምልካት፡ ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን፡ ብኣንክሮ ተንቀሳቒሱ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ክወድቕ ከም ዘይክእል ብምንጻር፡ ነዚ ዝስዕብ ጻዊዒቱ የቕርብ፡-

እዚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣባላት ሓፋሽ ውድባቱን፡ ኤርትራ ንምህላውን ምምዕባልን ዝጸዓቱ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝካየድ ዘሎ ናይ ጸለመን ጠቐነን ወፍሪ፡ ሎሚ ብሸለልትነት እንተተሓሊፉ፡ ጽባሕ ከም ሓቂ መሲሉ፡ ኣብ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ዘይተደላዩ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘኸትል ኣዕናዊ ተግባር ምኳኑ ብምእማን፡ ሎሚ መግትኢ እንተዘይተገይርሉ፡ ጽባሕ ንጉሆ ንኹሉ ወሸን ኢሉ ክበጽሖ ምኳኑ ብምስትብሃል፡ ኣንጻር እዚ ዝካየድ ዘሎ ጸለመን ጠቐንን፡ ከም’ቲ ትማሊ ኤርትራ፡ ኤርትራ ንኽትከውን፡ ኪኖ ማዕዶ ትርኢት ኣንቂዱ ተኣምር ዝሰርሐ፡ ሕጂ ‘ውን ነዚ ብውሽጥን ብግዳምን ዘንጸላልዎ ዘሎ፡ ናይ ታሪኽ ሓደጋን፡ ምብትታን ሃገርን፡ ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊኡ፡ ብሕብረት ክቃለሶን፡ ክገጥሞን፡ ኣብ ልዕሊ ዝዘንብዮ ዘሎ ኣደራዓት፡ ባላ መኸተምታ ክስምረሉ እዋኑ ስለ ዝኾነ፡ ነቶም ብኣንቆራ ጸለመኦም እንደሃልን፡ ተዳሂልና እንመሻኸንን እንመስሎም፡ ሓምበራጀዋይ ዝልቦም ዓቀይቶት ሓድጊ መግዛእቲ ግን፡ ዓለም ንኹሉ ዘድልየኩም ከተማላኣልኩም ትኽእል ትኸውን፡ ንስሰዐኩም ዝኸውን ቦታ ግን፡ የብላን!!! ንብሎም።

ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን ነዘርላንድ